# ኣብቲ ናይ ረሳሕ ማይ መወገዲ ግሪስ የለን

## እቲ ናይ ረሳሕ ማይ መወገዲ ምዕባስ ኣሰልቻውን ገንዘብ ዘውጽእን እዩ። እቲ ናይ ረሳሕ ማይ መወእዲ ክዕበስ ካብ ዝገብርዎ ዓበይቲ ምኽንያታት እቲ ሓደ ናይ ምግቢ ዘይቲን ናብቲ ሲንክ ግሪስ ምድፋእን እዩ።

ዘይትን ጠስሚን ክውዕዩ ከለዉ፣ ይውሕዙ። ናብቲ ናይ ረሳሕ ማይ መወገዲ ክፈሱ ከለዉ ድማ፣ ይዝሕሉ እሞ ይደርቁ። እኩብ ይፈጥሩ እሞ ነቲ ናይ ረሳሕ ማይ መድፍኢ ቱቦ ይዓብስዎ።




### ሓደ ሰብ ግሪስ ናብ መድፍኢ ረሳሕ ማዩ ንከይኣቱ ብኸመይ ይከላኸል?

ነቲ ዝጠበስኩምሉ ባዴላ ወይ ብረት ድስቲ ቅድሚ ምሕጻብኩም ጽረግዎ። ነቲ ዝጸረግኩምሉ ሶፍቲ ናብ ናይ ምግቢ ጎሕፍ መድፍኢ ክትደፍእዎ ትኽእሉ ወይ ሓዊ ንኪቃጸል ኣብ ናይ ደረቅ ጎሓፉት ትደፍእዎ።

ናይ ECO (ስነ ምህዳር) መጽፈፊ። ናብቲ መጽፈፊ ክትደፍእዎ ትኽእሉ ነገራት:

- ክዝሕል ዝተገበረ መጥበሲ ስብሒ
- መጥበሲ ዘይቲ
- ዘይቲ፣ ንኣብነት፣ ካብ ፈታ ፎርማጀ ወይ ብጸሓይ ናይ ዝደረቁ ኮሚደረታት ዝተረኸበ

እቲ ጠርሙስ ሙሉእ እንተኾይኑ፣ ነቲ መጽፈፊ ፈቲሕኩም ነቲ መኽደኑ ቀይርዎ። ናብ ናይ ደጊምካ ኣብ ጥቅሚ ዝውዕሉ ማእኸል ክትወስድዎ ትኽእሉ። እቲ ግሪስ ድሕሪኡ ዳግም ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ብምግባር ይጥቀሙሉ።

እንተኾነ ግን ነቲ ጠርሙስ እውን ሓዊ ንክቃጸል ኣብ ናይ ደረቅ ጎሓፍ ምድርባይ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕሪኡ ናብ ናይ ዲስትሪክት መውዐይ ይቕየር።



### ናይ **ECO** (ስነ ምህዳር) መጽፈፊ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ጥቃኹም ኣብ ዝርከብ ናይ ደኢምካ ኣብ ጥቅሚ ምውዓል ማእኸል ወይ ኣብ ናይ ቤት ማዘኣጃ ዓማዊል ማእኸል ብናጻ ክትወስዱ ትኽእሉ።

ሓደ ሓደ መካረይቲ፣ ተሓባበርቲ ናይ ገዛውቲ ማሕበራት ወይ ናይ ገዛውቲ ወነንቲ ዝከፋፈል ናይ ECO (ስነ ምህዳር) መጽፈፊ ክህልዎም ይኽእል እዩ።